

# ምኽንኻብ



FSAN | Federatie Somalische Associaties Nederland

ምኽንሻብ ደቀንስትዮ እንታይ እዩ፧......................................................3
መበቆልን ኣመጻጽኡን......................................................4
ንምንታይ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ትኽንሸብ?......................................................4
ምጉዳል ኣካላት ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ (VGV) ን ሃይማኖትን..............................5
እቲ ኩሉ ግዜ ሰባት ዘይፈልጥዎ......................................................5
ንምንታይ ምጉዳል ኣካል ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ (VGV) ክቛረጽ ኣለዎ፧..................6
ምጉዳል ኣካል ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ (VGV) ኣብ ኔዘርላንድስ ብሕጊ የቐጽዕ............8
ስምምዕ ኣንጻር ምኽንሻብ ደቀንስትዮ......................................................8
ዝምድና ምስ መስርሕ ምሕታት ዕቑባ......................................................9
ምእላይ ወይ ምንክብኻብ ንዝተኸንሸባ ደቀንስትዮ..........................................9
ሕብረት ናይ ሶማልያ ምትሕግጋዝ ኣብ ኔዘርላንድስ (FSAN)..................................11

## ምኽንሻብ ደቀንስትዮ እንታይ እዩ፧

ምኽንሻብ ደቀንስትዮ ማለት ብሕክምናዊ መንገዲ ዘይተደልየ ምትእትታዉ ኣብ ደጋዊ ክፋል ኣካላት ጓል ኣንስተይቲ እዩ። ምኽንሻብ ደቀንስትዮ ብኣጸዋውዓ ዓለማዊ ውድብ ጥዕና (WHO) ምጉዳል ኣካል ብልዕቲ ደቀንስትዮ (VGV) ተባሂሉ ይጽዋዕ።

ኣርባዕተ (4) ዓይነታት ምጉዳል ኣካል ብልዕቲ ደቀንስትዮ (ምኽንሻብ) ደቂ ኣንስትዮ ኣሎ፡

- **1ይ ዓይነት** ከፊላዊ ወይ ሙሉእ ምኽላእ ወይ ሙቑራጽ ቅንጢር ወይ ቅድመ ቖርበት፥
- **2ይ ዓይነት** ከፊላዊ ወይ ሙሉእ ምኽላእ ወይ ሙቑራጽ ቅንጢርን ውሽጣዊ ከንፈርን ምስ ወይ ብዘይ ምቑራጽ እቲ ደጋዊ ከንፈር ብልዕቲ፥
- **3ይ ዓይነት** ነቲ ውሽጣዊ ከንፈር ወይ ደጋዊ ከንፈር ወይ'ውን ንኽልቲኡ ብምቑራጽ፣ ቅንጢር ቆሪጾም ወይ ከምዘለዎ ገዲፎም፣ ክልተ ጫፍ ናይ ከንፈር ብምርኻብ መእተዊ ክፋል ናይ ርሕሚ ይስፈ፥
- **4ይ ዓይነት** ካልእ ኩሉ፣ ናይ ሕክምናዊ ምኽንያት ዘይብሉ ክንሱ፣ ኣብ ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ ዝግበር ዓይነታት ዕንወት ወይ ምብልሻው፣ ንኣብነት ከም ምውጋእ፣ ምስቓር፣ ምጽባብ፣ ምፍሕፋሕን ምንዳድን ብልዕቲ ደቀንስትዮ።

## መበቆልን ኣመጻጽኡን

ምኽንሻብ ደቀንስትዮ ዝኾነ ሰብ ኣመጻጹ ክፈልጦ ዘይክእል ሓደ ዝጸንሐ ወይ ናይ ቀደም ባህሊ እዩ። እዚ ባህሊ ኣብ 29 ሃገራት ኣፍሪቃን እንተወሓደ ኣብ 5 ሃገራት ኤስያን ይትግበር። ብቐልጡፍ ኣፋዊ ምንጋርን ብምኽንያት ስደትን ከኣ ምኽንሻብ ደቀንስትዮ ናብ ሃገራት ኤውሮፓን ካልኦት ሃገራት ምዕራብን ይመጽእ ኣሎ። ሃገረ ኔዘርላንድስ እውን ኣብዚ ዳሕረዋይ ዘመን ብተደጋጋሚ ናይ ምኽንሻብ ደቀንስትዮ ኣጋጣሚታት ግዳይ ትኸውን ኣላ።

ምኽንሻብ ደቀንስትዮ መብዛሕትኡ ግዜ ካብ 4 ዓመት ክሳብ 12 ዓመት ዘሎ ክልል ዕድመ ይካየድ፣ ኣብ ገሊኡ ባህሊ ግን ገለ መዓልታት ድሕሪ ምውላዳ እታ ዕሸል ጓል ኣንስተይቲ ድሮ ተኸንሺባ ኣላ። መዓልቲ መርዓ ኣብዝቐርበሉ ዕለትዝኸንሸባ ደቀንስትዮ እውን ኣለዋ። ስደት፣ ናይቲ ሃገር ባህሊ ዝኸንሸበሉ ልሙድ ግዜ ወጻኢ (ኣብዘይግዝይኡ)

ንከኸንሸባ ተራ ይጸወት። እዚ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ናይ ክረምቲ ዕረፍቲ፣ እቶም ስድራቤት ንዕረፍቲ ናብ መበቆል ዓዶም ኣብዝኸዱሉ እዋን ንደቆም የኸንሽቡ።

## ንምንታይ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ትከንሸብ?

ትርጉምን ኣተገባብራን ምክንሻብ ደቀንስትዮ ካብ ሃገር ናብ ሃገርን ካብ ባህሊ ናብ ባህልን ይፈላለ። ንምንታይ ምጉዳል ኣካል ብልዕቲ ደቀንስትዮ (VGV) ከምዝትግበር ዝተፈላለዩ ምኽንያታት ኣለዉ።

ነዚ ዘተግብሩ ሰባት ኣብ ልዕሊ ብዙሕ እዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ይህቡ፡

- ድንግልና ጓል ኣንስተይቲ ንምዕቓብ
- ኣብ ሕብረተሰብ ሓደ ደረጃ ከምትረክብ ይገብር
- ሓንቲ ዝተኸንሸበት ሰበይቲ ጽርይትን ጽብቕትን
- ሓደ ናይ ሃይማኖት ትእዛዝ እዩ
- ናይ ሰብኣይ ስጋዊ ርክብ ባህታ የዕቢ

ህዝባዊ ጸቕጢ፣ ፍርሒ ተነጽሎን ሕፍረትን ከኣ እዚ ትግባረ ክቕጽል ዓቢ ዝልዋ ካብ ዝገብሩ ገለ እዮም።

## ምጉዳል ኣካላት ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ (VGV) ን ሃይማኖትን

ምኽንሻብ ደቀንስትዮ ትእዛዝ ሃይማኖት ኣይኮነን። ኣብ ቁርኣን ይኹን ዋላ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ዘዘራርብ ኣርእስቲ ኣይኮነን። ምኽንሻብ ደቀንስትዮ ናይ ባህልን ልምድን ደኣምበር ክፋል ናይ ሃይማኖት ኣይኮነን።

## እቲ ኩሉ ግዜ ሰባት ዘይፈልጥዎ...

ብዙሓት ሰባት ካብዞም ዝኸንሽቡ ሕብረተሰብ እዚ ተግባር ኣቛሪጾሞ እዮም። ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ስድራቤታት፣ ብብዝሒ ካብ ኣፍሪቃ ከምኡ'ውን ኤውሮፓ ደቆም ከይክንሻባ ወሲኖም እዮም። ንሳቶም ኣንጻር ህዝባዊ ጸቕጥን ትጽቢት ቤተሰቦምን ከይዶም። እዚ ምግባር ሓደ ዓቢ ትብዓትን ውሳኔን የድልዮ። ግን ይከኣል እዩ። ሓደ ናይ ሓባር ሮቛሒ

ኣብዞም ሰባት ዘሎ ምስትውዓል ናይ ምዕቃብ ጽቡቕ ልምድን ምጥፋእ ሕማቕ ልምድን እዩ። ምኽንሻብ ደቀንስትዮ ከኣ ሓደ ጎዳኢ ልምዲ እዩ። እንተኾነ ግን ቁጽሪ ዝተኸንሸባ ደቀንስትዮን ወይ ኣብ ሓደጋ ናይ ምኽንሻብ ዘለዋ

ደቀንስትዮን ክሳብ ሕጂ ልዑል እዩ። ኣብ ምሉእ ዓለም ከባቢ 200 ሚሊዮን ዝኾና ደቀንስትዮ ከንሹባት እየን። 3 ሚሊዮን ኣዋልድ ኣብ ዓመት ኣብ ሓደጋ ምኽንሻብ ኣለዋ። ኣብ መንጎ ሃገራትን ኣብ መንጎ ሃይማኖታት ናይ ሓንቲ ሃገርን ዓቢ ፍልልይ ደረጃ ኣከነሻሽባ ክህሉ ይኽእል። ንኣብነት ኤርትራ።

## ንምንታይ ምጉዳል ኣካል ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ (VGV) ክቐረጽ ኣለዎ፧

ምኽንሻብ ደቀንስትዮ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰል እዩ፣ ብስም ንምጽዋዕ ምግሃስ ናጽነት፣ ድሕነት፣ ክብረትን ኣካላውን መንፈሳውን ውህደት። ምስንካል ብልዕቲ ደቀንስትዮ ወይ ምኽንሻብ (VGV) ምጥሓስ መሰል ቆልዑ እውን እዩ፣ ከምቲ ኣብ ስምምዓት ሕቡራት ሃገራት ብዛዕባ መሰል ቆልዑ (ኮምሽን ኤውሮፓ 25/11/2013) ዝግለጽ።

ምኽንሻብ ደቀንስትዮ ኣካላዊ፣ መንፈሳዊን ግብረስጋዊ ስምዒትን ጸጋማት ከኸትል ይኽእል። ኣብ ሳልሳይ (3ይ) ዓይነት ምኽንሻብ፣ እቶም ዝበዝሑ ናይ ሳዕቤናት ምልክታት ይረኣዩ። እዚ ናይ ሳዕቤናት ምልክታት ዘርእያ ኣንስትን ኣዋልድን፣ ብሰንኪ ምኽንሻብ ዝመጽኤን ጸገም ምዃኑ ኣይፈልጣን እየን። እዚ ስምዒታት እዚ 'ደቀንስትዮ'

<u>ተኽእሎ ኣካላዊ ምልክታት ጸገም ወይ ቃንዛ</u>

- ካብ ዓቐን ዝሓለፈ ቃንዛ ኣብ እዋን ወርሓዊ ጽግያትን ናይ ወርሓዊ ጽግያት ምልክታትን
- ከቢድ ወይ ቃንዛ ዘለዎ ምሻን ወይ'ውን ክልቲኡ
- -ረኽሲ ሻንብቖ ሽንቲ
- ቀዋሚ ቃንዛ ኣብ ትሕቲ ከብዲ
- ቀዋሚ ረኽሲ፣ ከም ናይ ሻንብቆ ሽንቲን ርሕምን
- ጠኒስካ ልዕሊ 12 ኣዋርሕ ምጽናሕ (ከይሓረስካ)
- ከቢድ ጻዕሪ ኣብ ግዜ ሕርሲ

<u>ኣብ ስነ-ኣእምሮኣውን ኣብ ግብረወሲብን ዘለዎ ተኽእሎ ሳዕቤናት</u>

- ቁጥዐን ስምዒት ሓዘንን
- ድሕረ-ስቅያት ዘሎ ናይ ጸቕጢ ምዝንባል
- ቁጥዐ ኣብ ግዜ ግብረስጋዊ ርክብ
- ኣሉታዊ ጽልዋ ኣብ ተመክሮ ግብረስጋዊ ርክብ
- ኣሉታዊ ጽልዋ ኣብ ልዕሊ ኣካል ጓል ኣንስተይቲ ን ግብረመልሲ ኣብ ግብረስጋዊ ወሲብ

## ምጉዳል ኣካል ብልዕቲ ጓል ኣንስተይቲ (VGV) ኣብ ኔዘርላንድስ ብሕጊ የቐጽዕ

ኩሉ ዓይነት ምኽንሻብ ደቀንስትዮ ብሕጊ ኔዘርላንድስ ክልኩልን ክሳብ ናይ 12 ዓመት ማእሰርቲ ከበይን ዝኽእል ገበን እዩ። ወለዲ ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ልዕሊ ጓሎም ባዕሎም ናይ ምኽንሻብ ተግባርር ምስዝፍጽሙ፣ እቲ መቕጻዕቲ ብ ሓደ ኣብ ልዕሊ ሰለስተ (1/3) ክውስኽ ይኽእል (ዓንቀጽ 304 ንኡስ 1 Sr.) ካብ 1 ለካቲት 2006 ጀሚሩ ሓደ ዋላ ኣብ ካልእ ውጻኢ ሃገር ንዝገበሮ ምኽንሻብ ጓል ኣንስተይቲ ምስዝጥርጠር፣ ኣብ ሕጊ ኔዘርላንድስ ተኸሲሱ ክቐርብ ይኽእል።

ካብ 1 ሓምለ 2009 ጀሚሩ፣ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ድሕሪ 18 ዓመት ምእኻላ፣ ክሳብ 20 ዓመት ብዛዕባ ኣብ ነብሳ ዝተኻየደ ምኽንሻብ ክሲ ክትምስርት ትኽእል። ካብ 7 መጋቢት 2013 ጀሚሩ ምኽንሻብ ጓል ኣንስተይቲ ዋላ ኣብ ወጻኢ ሃገር፣ እታ ግዳይ ኔዘርላንዳዊት ዜግነት ምስዝህልዋ ወይ ኣብ ኔዘርላንድስ ትነብር ምስትኸውን ብሕጊ የቕጽዕ።

## ስምምዕ ኣንጻር ምኽንሻብ ደቀንስትዮ

ስምምዕ ኣንጻር ምኽንሻብ ደቀንስትዮ ሓደ ጽሑፍ ኮይኑ፣ ብምኒስትሪ ጥዕና ህዝቢ፣ድሕነትን ሓገዝን ብምትሕብባር ምስ ምኒስትሪ ፍትሕን ድሕነትን ካልኦት ትካላት ኣብ ኔዘርላንድስ ንድሕነት ደቐንስትዮ ካብ ምኽንሻብ ኣብ ግዜ ናይ ክረምታዊ ዕረፍቲ ዝተጻሕፈ ወይ ዝማዕበለ ጽሑፍ እዩ። እዚ ስምምዕ ወይ ጽሑፍ ኣብ ግዜ መገሻ ናብ ወጻኢ ሃገር ሒዝካዮ ምኻድ ይከኣል። እዚ ስምምዕ ንቤተሰብ ኣብ ወጻኢ ዘለዉ ከተርእዮም ይከኣል። በዚ መንገዲ ብንጹር ምኽንሻብ ደቀንስትዮ ኣብ ኔዘርላንድስ ክልኩልን ናይ ማእሰርቲ መቕጻዕቲ ዘኸትል ሙዃኑን ትሕብሩዎም። እዚ ስምምዕ ጽሑፍ ኣዚ ብ ሸውዓተ (7) ቛንቛታት ተዳልዩ ኣሎ። ብኔዘርላንድስ፣ ብእንግሊሽ፣ ብፍራንስ፣ ብዓረብ፣ ብሶማልያ፣ ብትግሪኛን ብኣምሓርኛ ተዳልዩ ይርከብ። እዚ ጽሑፍ ምስ ናይ መገሻ ወረቓቕቲ ክዕቀብ ኣለዎ፣ ኣብ ነብሲ-ወከፍ ግዜ መገሻ ናብ ወጻኢ ሃገር ሒዝኩሞ ክትከዱ መታን።

## ዝምድና ምስ መስርሕ ምሕታት ዕቑባ

ካብ 2001 ጀሚሩ ትሕቲ ዕድመ፣ ብሰንኪ ፍርሒ ምኽንሻብ ንዝተወሰነ ግዜ ናይ መንበሪ ፍቓድ ኣብ ኔዘርላንድስ ዑቑባ ክሓቱ ይኽእሉ። ብዛዕባ እዚ ዝያዳ ሓበሬታ ኣብ ናይ ወጻእተኛ ሰርኩላር 2000c ክርከብ ይከኣል።

## ምእላይ ወይ ምንክብኻብ ንዝተኸንሸባ ደቀንስትዮ

ዝተኸንሸብክን እንተኾንክን እሞ ናይ ጥዕና ጉድለት ስምዒታት ወይ ሕቶታት ብዛዕባ ምኽንሻብክን እንተለክን ኮይኑ፣ በይንኽን ከምዘይኮንክን ሓገዝ ክወሃበክን ከምዝኾነን ክትፈልጣ ኣለክን! ኣብ ኔዘርላንድስ ንዝተኸንሸባ ደቀንስትዮ ዝሕግዝ ናይ ዝርርብ ግዜን ኣሎ። ኣብዚ ዝርርብ ብሰንኪ ምኽንሻብ ንዘለክን ስምዒታት ወይ ስቓይ ሓገዝን ምኽርን ይወሃበክን። ምስ ኣለይቲ ዝርርብ ግዜ ናይ GGD ርክብ ግበራ። ኣብ ናይ ምንክብኻብ ዝርርብ ግዜ ዶክተራትን ነርሳትን፣ ነቲ ዝስመዓክን ስቓይ ንምሕጋዝ ኣብ'ዚ ዝርርብ ይሳተፉ። ኣብ ኔዘርላንድስ ንስኽን ቖጻራ ክትገብራሉ ትኽእላ ናይ ዝርርብ ግዜ ዝካየደሉን ቦታ ኣብ ዝተፈላለየ ክፍልታት ኔዘርላንድስ ኣሎ።

- **ኣብ Apeldoorn:** ደቀንስትዮ ምስ ነርስ Joke Ruis ብ ቑጽሪ ቴሌፎን 088-443 3344 ብምድዋል ናይ ዝርርብ ቆጸራ ክሕዛ ይኽእላ።
- **ኣብ DenHaag:** ሰኑይ ካብ ሰዓት 9:00 ክሳብ 12:30 ኣብ ሆስፒታል Haga ሓንቲ ነርስ ናይ መእተዊ ዝርርብ ትገብር። ድሕሪ ሰዓት 17:00 ብቑጽሪ ቴሌፎን 06-470 087 93 ደዊልካ ሓደ ቖጸራ ክግበር ይከኣል።
- **Regio Brabant:** ደቀንስትዮ ምስ ሓንቲ ካብ ክልተ ምኩራት ነርሳት፣ ብቑጽሪ ቴሌፎን 0900-369 6969 ብምድዋል ቆጸራ ክትሓዝ ይከኣል።
- **ኣብ Groningen, Drenthe ን Friesland:** ደቀንስትዮ ምስ ሓንቲ ካብ ሓሙሽተ ምኩራት ነርሳት፣ ብቑጽሪ ቴሌፎን (0900-736 73 66 ወይ መርበብ ሓበሬታ vgv@sensenoord.nl)
- **ኣብ Rotterdam:** ደቀንስትዮ ኣብ ሮተርዳምን ከባቢኣን ምስ ሓንቲ ቀንዲ ተጸዋዒት ሰብ ናይቲ ሕብረተሰብ ብቑጽሪ ቴሌፎን 06 527 499 24 (Marijke van Dongen) ወይ ብቑጽሪ ቴሌፎን 06 - 235 141 49 (Marion Schagen) ብምድዋል ቆጸራ ክተሓዝ ይከኣል።

**ኣብ ሓጺር ግዜ ሓደ ሓድሽ ናይ ዝርርብ ዝግበረሉ ግዜ ኣብ Amsterdam, Utrecht en Nijmegen ክኸፈት እዩ።**

## ሕብረት ናይ ሶማልያ ምትሕግጋዝ ኣብ ኔዘርላንድስ (FSAN)

ሕብረት ናይ ሶማልያ ምትሕግጋዝ ኣብ ኔዘርላንድስ (FSAN) ሓደ ንዘይ-መኽሰብ ኣብ ኔዘርላንድስ ዝሰርሕ ብ 1994 ዝተመስረተ ትካል እዩ። FSAN ኣብ ኔዘርላንድስ ኣብ ከባብያውን ንኡስ ከባብን ዝተጠርነፉ 56 ማሕበራት ትውንን። FSAN ኣንጻር ምኽንሻብ ደቀንስትዮ ብንጥፈት ይሳተፍን ኣብ ምክልኻል ምኽንሻብ ደቀንስትዮን ኣብ ምሕጋዝ

ግዳያትን ናይ 20 ዓመት ተምክሮ ኣለዎ። FSAN ምስ ካልኦት ናይ ኣፍሪቓ ማሕበራትን ዝሰልጠኑ ቀንዲ ተጸዋዕቲ ሰባትን፣ Pharos ን GGD ሓቢሩ ይሰርሕ። ዝያዳ ሓበሬታ ብዛዕባ FSAN ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.fsan.nl, ቴሌፎን :020-4861628 ክርከብ ይከኣል።

| | |
|---|---|
| Uitgever: | Federatie Somalische Associaties Nederland (FSAN) |
| Tekst: | FSAN |
| Vertaling: | Amy Weldeselase |
| Vormgeving: | DG Graphic Design |
| Drukwerk: | De Koning Repro |
| Copyright | FSAN |
| | President Allendelaan 725 |
| | 1068 VN Amsterdam |
| | info@fsan.nl \| +31(0)20 - 486 16 28 |

**www.fsan.nl**

FSAN Federatie Somalische Associaties Nederland

**ኣፐልዶርን (Apeldoorn)**
ኩለን ደቂ ኣንስቲዮ ምስ ሓንቲ ኪኢላ ነርስ ቆጸራ ብምግባር ክዛራረባ ይኽእላ፡ እዚ ከኣ ብ ዮከ ሩስ (Joke Ruis) ኣቢሉ ይኸውን። ቁ.ስ. **088 - 443 33 44**

**ደን ሃኽ (Den Haag)**
ሰኑይ ሰኑይ ካብ ሰዓት ትሻዓተ ክሳብ ፋዱስን ፈረቓን (9:00-12:30)ብዘይ ቆጸራ ኣብ ሃጋ ሆስፒታል ምስ ሓንቲ ነርስ ክትዛራረባ ትኽእላ፡ ድሕሪ ሰዓት ሓሙሽተ (17:00) ውን በዛ ትሰዕብ ቁጽሪ ስልኪ ደዊልካ ቆጸራ ክትገብራ ትኽላ። ቁ.ስ. **06 - 470 087 93**

**ናይምኽን (Nijmegen)**
ኩለን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ማእከላይ ዩኒቨርስቲ ናይ ጥዕና (UGC) ሃየንድየል (Heyendael) በዚ ዝስዕብ ቁጽሪ ስልኪ ደዊልክን ቆጸራ ብምግባር ምስ ዶክተር ቶኒ ላግሮ ያንሰን (Toine Lagro-Janssen) ክትዛራረባ ትኽእላ። ቁ.ስ. **024 - 322 43 40**

**ኤንድሆቨን (Eindhoven)**
ኣብ ካተሪና ሆስፒታል ሮቡዕን ዓርብን ንግሆ ካብ ሰዓት ትሻዓተ ክሳብ ሰዓት ሓደ ድሕሪ ቀትሪ ኩሉ ግዜ ሓንቲ ነርስ ኣብዚ ቦታ ኣላ፡ በዚ ዝሰዕብ ቁጽሪ ስልኪ ቆጸራ ክትገብራ ትኽእላ፡፡ ቁ.ስ. **06 - 543 480 03**

**ኽሮኒንግን ድረንተ ን ፍሪስላንድን (Groningen, Drenthe and Friesland)**
ኩለን ደቂ ኣንስቲዮ በዛ ትሳዕብ ቁጽሪ ስልኪ ደዊልክን ምስ ሓንቲ ካብተን ሓሙሽተ ኪኢላታት ሓኻይም ቆጸራ ክገብራ ይኽእላ፡ ቁ.ስ. **0900 - 736 73 66** ወይ ድማ ናብዚ ዝስዕብ ኢ. መይል (e-mail) ክጽሕፉ ይኽእላ። (vgv@sensenoord.nl)

**ዞባ ልቢ(ፍቕሪ)ብራባንድ (Region Brabant)**
ኩለን ደቂ ኣንስቲዮ በዛ ትሳዕብ ቁጽሪ ስልኪ ደዊለን ምስ ሓንቲ ካብተን ክልተ ኪኢላታት ነርስ ቆጸራ ክገብራ ይኽእላ ቁ.ስ. **0900 - 369 69 69**

**ሮተርዳም (Rotterdam)**
ኩለን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ሮተርዳምን ከባቢኡን ዝነብራ ምስተን ብዛዕባ ምኽንሻብን ሳዕቤኑን ዝተማህራ ደቂ ዓደን (sleutelpersoon) ቆጸራ ብምግባር ክዛራረባ ይኽእላ፡ በዚ ዝስዕብ መገዲ ክትረኽበኤን ድማ ትኽእላ። ማራይከ ፍን ዶንገን (Marijke van Dongen) ቁ.ስ. **06 - 527 499 24** ወይ ድማ ማርዮን ስኻኽን (Marjon Schagen) ቁ.ስ. **06 - 235 141 49**

**FSAN** - Federation of Somalian Associations Netherlands

President Allendelaan 725
1068 VN Amsterdam
T: 020 - 486 16 28
E: info@fsan.nl | www.fsan.nl